# ዘይዕኮት ግመ

ብ ክንፈ ኣብርሃ (ዶ/ር)      e-mail: kinfeab@yahoo.com

እቲይ ኮነ ወይ'ዉን ኣይኮነ፣
ብዕሊ እንተስተብሂልኩሞ፣ እንተስተንቲንኩሞ ብዉነ፣
ዳርጋ ለዉጢ የብሉን ለማቕነ፤

ሓደ ሓደ እዋን ፅቡቕ ዜና፣
ከምዙይ ተፈጢሩስ ዓለም ያ ከምዙይ ኮይና፣
ደሓር ኾዓ በኒኑ ይኸይድ ከም ማይ ዘይሓዘለ ደበና፤

ህንንን ኢሉ ምስ ኣስመዐ ድምፂ፣
መፃእኹ መፃእኹ መስመስታ ኣቐዲሙ ነጎዳ ምስተሰምዐ እቱ መሬት መናወፂ፣
ዘይዕኮት ግመ ኮይኑ ይተርፍ ጥራሕ ንገለ ሰባት መደናገፂ፤

ኣሎ ድማ ሓደ ሓደ እዋን፣
ኵሉ ነገሩ መደንገፅ ዝሓዋዉስ ክዉንን ዘይክዉንን፣
ሰባት ይቀባበሉዎ፤ ይገብሩዎ'ዉን መስተዩ ቡን፣

ብኽምኡን ወዲኽምኡን ነገራት እናተገላበጡ፣
ገገሊኦም ሰባት ብሕሶትን ብጃህራን ምንኵደኦም እንተሕብጡ፣
መብዛሕትኦም ኾዓ ዋላ እዋን ይገለባበጥ ወይከ ታይነቶም ዘይልውጡ፤

እወ፣ ተዓዚቦም ዉሽጣዊ መንነቶም ብዕሊ፣
ስለዝርድኡታ ሕማቕ ዘረባ ከም ዓለባ ቀልጢፉ ከምዝበሊ፣
ለዉጢ የብሎምን ብሱሩ ሎሚ ኮነ ትማሊ፣

ብፍላይ ሓደ ሓደ እዋናት ኣለኩም መስደመም፣
ዘይጥሉል ዘረባ ዓዲ ሙሉእ ተበቲኑ ኣእዛን እንተፅምም፣
ኣብ ቀረባ ዝፀንሐ ሰብ'ዉን ሓቂ መሲሉዎ ይደናገፅ፣ ብዕሊ'ዉን ይሓምም፤

ይግረምኩም እምበኣር ኣለኹልኩም ኣነ፣
ዘረባ እንትሰምዕ፣ ፅን ኢለ ኣዳሚፀ ብዉነ፣
ናብ ስራሕ እንትወፍር ዓቕመይ ኣታኣኻኺበ ብወነ፣
እዙይ ተባህለ እቱይ፤ ኣይሕበን ወይ'ዉን ኣይሓዝንን ዝኾነ እንተኾነ፤

ዘረባ ሎሚ ዘበን ክንደይ ሰብ ኣስደመመ፣
ብፍላይ ብሩሑቕ እንትመፅእ እናሃመመ፣
ልክዕ ከም ነጎዳ እናነጎደ እሞ ክንደይ ሰብ ኣፅመመ?
ህድእ ኢልካ ዉሽጡ እንተተራእየስ ለካ ጥሩሑ፤ ዘይዕኮት ግመ።